



1-855-626-0002

https://orientationontario.ca



# Orientation to Ontario

## ዓመጽ ቆልዓ

**ዓመጽ ቆልዓ**፡ ወላዲ ወይ ወሃቢ ኣገልግሎት ክንክን ኣብ ልዕሊ ቆልዓ ወይ ኰተቴ ጉድኣት ዘስዕብ ተግባር ክፍጽም እንከሎ እዩ። እዚ ከኣ ኣካላዊ፡ ስምዒታዊ ወይ ጾታዊ ክኸውን ይኽእል። ኣቓልቦ ምኽላእ እውን ምስዚ ይጠቓለል። እዚ ተግባራት እዚ ኣብ ካናዳ ሕጋዊ ኣይኰነን። Children's Aid Society (CAS (ማሕበር ረድኤት ህጻናት)) ንኹሉ ጸብጻባት ዓመጽ ቆልዓ ይምርምሮን፡ ህጻናት ኣብ ውሑስን ሓጋዚን ኣከባቢ ናይ ምንባር መሰሎም የረጋግጽን።

**ኣካላዊ ዓመጽ** – ጉድኣት ወይ መቑሰልቲ ዘስዕብ ዝኾነ ተግባር እዩ። እዚ ከኣ ማህረምቲ፡ መጽፉዕቲ፡ ዝጋምቤቲ ምቕላዕ፡ብሓዊ ምንዳድ ወይ ድማ ነቲ ቆልዓ ክትቀጽዖ ኢልካ ከም መግቢ ምኽላእ ወይ ኣብ ገዛ ንበይኑ ብመፍትሕ ምዕጻው ዝኣመሰሉ ጐዳእቲ ተግባራት የጠቓልል።

**ኣብ መቐመጫ ምጥብጣብ** – ነቲ ቆልዓ ጠባዩ/ባህርያቱ ክትእርም ኢልካ ብኢድካ ኣፍኲስካ ምህራም እዩ። ኣብ ካናዳ ድማ እዚ ሕጋዊ ኣይኰነ፣ ግን ነዞም ዝስዕቡ መምርሒታት ሰዓቦም፡-

- ሓሪቕካ ንቆልዓ ኣብ መቐመጫኡ ኣይትውቃዓዮ።
- መቑሰልቲ ከስዕብ ወይ ስምብራት ክገድፍ ብዝኽእል ነገር ጌርካ ወይ ሓይሊ ተጠቒምካ ኣይትህረሞ
- ካብ 2 ዓመት ንዝንእስን ካብ 12 ዓመት ንዝዓቢን ቆልዓ ኣብ መቐመጫኡ ብኢድካ ኣይትውቃዓዮ

ወለዲን ወሃብቲ ኣገልግሎት ክንክን ቁልዓን፡ ንደቆም ዝእርምሉ ካልእ ኣገባባት ክደልዩ ይግባእ።

**ስምዒታዊ ዓመጽ** – እዚ ዓመጽ እዚ ንምዕባለ ናይቲ ቆልዓ ክጐድእ ዝኽእል ኰይኑ፡ ምስ ዓበየ እውን ጸገማት ከስዕበሉ ይኽእል። እቶም ቀንዲ ልሙዳት ኣገባባት ናይዚ ዓመጽ ድማ እዞም ዝስዕቡ እዮም፡-

- ንቈልዑ ፍቕሪ ምኽላእ ወይ ምስ መሓዙቶም/የዕሩኽቶም ከይጻወቱ/ከይዋስኡ ምኽልካል
- ኣብ ቅድሚ ቈልዑ ዘቤታዊ ጐነጽ ምፍጻም
- ብቐጻሊ ምንቃፍ፡ ምቁያቕ፡ ምጭዳርን ምእዋይን።

**ኣቓልቦ ምኽላእ ወይ ሸለል ምባል** – ንቈልዓ እቲ መሰረታዊ ዘድልዮ ነገራት ምኽላእ። ዓበይቲ ንቈልዑ ነዞም ዝስዕቡ ነገራት ክቐርብሎም የድልዮም፡-

- መግቢ፡ መዕቆቢ፡ ክዳንን ሕክምናዊ ክንክንን
- ክትትልን ናብ ትምህርቲ ብስሩዕ ዝመላለስሉ መሳለጥያን
- ፍቕሪ፡ ሓገዝ።

ወለዲ ወይ ወሃብቲ ኣገልግሎት ክንክን ቆልዓ ንመሰረታዊ ድሌታት ደቆም ከማልኡ እንተዘይክኢሎም፡ ዓመጽ ፈጺምኩም ተባሂሎም ገበነኛታት ይኰኑ። እንተድኣ ወለዲ ብምኽንያት ጸቕጢ/ጭንቀት፡ ጥዕናዊ ወይ ፋይናንሲያዊ ጸገማት ንደቆም ኣብ ምክንኻን ዝጽገሙ ኰይኖም፡ Children's Aid Society (ማሕበር ረድኤት ህጻናት)ን ካልኦት ትካላት መንግስቲን እቶም ቈልዑ ጽቡቕ ክንክን ናይ ምርካብ መሰሎም ንምውሓስ ክተሓጋገዛ እየን።

**ጾታዊ ዓመጽ ወይ ጾታዊ መጥቃዕቲ** – ዝኾነ ኣብ ልዕሊ ህቈልዑ ዝፍጸም ጾታዊ ግብሪ።

እዚ ዓመጽ እዚ፡ ንኣካላውን ኣካላዊ ዘይኰነን ጾታዊ ምትንኻፍ የጠቓልል። ዝበዝሕ ግዜ ድማ ኣባል ስድራቤት ወይ መሓዛ ስድራቤት እዩ ኣብ ልዕሊ ቆልዓ ወይ ኣብ ልዕሊ ኮተቴ ጾታዊ ዓመጽ ዝፍጽም። ጾታዊ ዓመጽ ብእኹላት ሰባት፡ ብኮተቴታት ወይ ድማ ብህጻናት ክፍጸም ይኽእል።

ናይ ቈልዑ ፖርኖግራፊን ግዱድ ምንዝርናን፡ እቶም ፍሉጣት ኣብነታት ናይ ጾታዊ ዓመጽ እዮም። ኣብ ኢንተርነት ይኹን ኣብ ሃርድ-ኮፒ ናይ ህጻናት ስእለ-ጽዩፍ ወይ ፖርኖግራፊ ምፍጣር፡ ምሓዝ ወይ ምርኣይ ከም ከቢድ ገበን ̀ዩ ዝቑጸር።

**ዕድመ ስምምዕ** – ትሕቲ 16 ዓመት ዝዕድሚኦም ቆልዑ፡ ዋላ ኣብ ጾታዊ ተግባር ክዋስኡ እንተተሰማምዑ፡ ብስምምዕ ዝፍጽም ጾታዊ ግብሪ ክገብሩ ኣይፍቀደሎምን እዩ።

- ምስ ትሕቲ 16 ዓመት ቆልዓ ጾታዊ ርክብ ወይ ሴክስ

Funded by / Financé par :

Ontario

Immigration, Refugees and Citizenship Canada

Immigration, Réfugiés et Citoyenneté Canada

ምፍጻም ከም ምግሳስ ትሕቲ-ዕድመ እዩ ዝቑጸር፣ ኣዝዩ ከቢድ ገበን ድማ እዩ።

- ካብ 18 ዓመት ንታሕቲ ዝዕድሚኡ ቈልዑ፡ ብስምምዕ ኣብ ምንዝርና ወይ ኣብ ፖርኖግራፊ ክሰርሕ ኣይፍቀደሉ እዩ።

**ንመርዓ ምስምማዕ** – ኣብ ኦንታርዮ፡ ብዘይ ፍቓድ ናይ ወለዲ ክትምርዖ እንተኰይንካ፡ ዕድመኻ 18 ዓመት ክኸውን ኣለዎ።

ኣብ ዝኾነ ይኹን ደረጃ ዕድመ ዝርከብ ሰብ ብምግዳድ ወይ ብምትላል ክምርዖ ኣይክእልን እዩ። ዝኾነ ዝተመርዓወ ሰብ ድማ ኣብ ቤት-ፍርዲ ብሕጊ ክፋታሕ ይኽእል እዩ - ዋላ`ውን ክልተኦም መጻምድቲ እንተዘይተሰማምዑ።

## ሳዕቤናት ዓመጽ ቆልዓ

እንተድኣ ማሕበር ረድኤት ህጻናት ደቅኻ ኣብ ሓደጋ ምህላዎም ገምጊሙ፡ ክብደት ናይቲ ኣብ ልዕሊኦም ዝፍጸም ዓመጽ ርእዩ ንግዚኡ ወይ ንሓዋሩ ካባኻ ክወስዶም ይኽእል እዩ። እቲ ኣብ ልዕሊኦም ዓመጽ ዝፈጸመ ሰብ ድማ ብፖሊስ ክቐየድ ይኽእል።

ኣብ ኦንታርዮ፡ ኲሉ እኹል ዘበለ ሰብ ኣብ ልዕሊ ቈልዑ ክፍጸም ንዝረኣዮ ዓመጽ ናብ ዝምልከቶ ኣካል ክሕብር ብሕጊ ይእዘዝ እዩ። ኲሉ`ቲ ዝህቡዎ ሓበሬታታት ድማ ብምስጢር`ዩ ዝተሓዝ።

ህጻናትካ ዓመጽ ከጋጥሞም እንከሎ ንመምህር፡ ንሓኪምን ንዝኣምኑዎም ካልኦት እኹላት ሰባትን ክሕቡሩ ይግባኦም።

## ንዓመጽ ቈልዑ ዝምልከት ሓበሬታ ንምሃብ

ብቑጽሪ ቴሌፎን 211 ደውል፡ ከምኡ ድማ ቁ.ቴለፎን ናይቲ ኣብ ከባቢኻ ዝርከብ ማሕበር ረድኤት ህጻናት ንምፍላጥ ሕተት።

በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ን Ontario Association of Children's Aid Societies (ማሕበር ረድኤት ህጻናት ኦንታርዮ) ተወከስ oacas.org

እንተድኣ ኣብ ዘየላቡ ሓደጋ ኣሎ እትብሎ ቆልዓ ኣሎ ኰይኑ፡ ናብ 9-1-1 ደዊልካ ፖሊስ ሕተት።

ቈልዑ ክምዝመዙ እንተርኢኻ፡ በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ናብ Cyber Tip (ሳይበር ቲፕ) ሓብር cybertip.ca



orientation to ontario
l'ontario c'est chez moi